ዘተኸሸሉ
ውሽጣዊ ሰነዳት ወያነ

# ሰነድ 3.

# ባይቶ ጸጥታ ሕ.ሃ. ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘሕለፎም ውሳነታት እገዳ ትግባረኦም ከምዝጠናኸር ንምግባር ዝተዳለወ ውጥን

## መእተዊ

ኤርትራ ኣብ ዞባና ብእተስጉሞ ጸረ ሰላም ፖሊሲን ንግብረ ሽበራውያን ሓይልታትን ውድባትን ብእትገብሮ ወተሃደራዊ፡ ንዋታውን ገንዘባውን ደገፍ፡ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ኣብ 2009፣ 2011፣ ብተኸታታሊ ክልተ ውሳኔታት እገዳ (Sanctions Resolutions) ከምዘሕለፈ ይዝከር።

ባይቶ ጸጥታ፡ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 2009 ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘመሓላለፎ ናይ ፈለማ ውሳኔ ቁጽሪ 1907 (2009) ብቐንዱ ሰለስተ እገዳታት ማለት ናይ ዕድጊ ኣጽዋር፡ እገዳ ጉዕዞን ምድስካል ንብረትን ሃብቲን ዜንበረ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ኤርትራ ንግብረ ሽበራውያን ሓይልታት እትህቦ ደገፍን ጸረ ሰላም ምንቅስቓሳታን ዝያዳ ኣጠናኺራ ብምቕጻላ፡ ባይቶ ጸጥታ፡ ኣብ 2011፡ ኤርትራ ካብ መሸጣ ማዕድናት እትረኽቦ ኣታዊታት ይኹን፡ ካብ ዲያስፖራ እትረኽቦ 2% ግብሪ፡ ኣብ ኣዕናዊ ተግባራት ምእንቲ ከይተውዕሎ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኤርትራ ዝትግበሩ ሓደሽቲ ወፍርታትን ፋይናንሳዊ ትውጊታትን ኣብ ጸረ ሰላም ምንቅስቓስ ከይውዕሉ፡ ብመገዲ ኣህጉራዊ ትካላት ገንዘብ ኣድላዪ ክትትልን ቁጽጽርን ኪግበር ዝሓትት ብቑጽሪ 2023/2011 ዝፍለጥ ተወሳኺ እገዳ ኣሕሊፉ።

ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተነብረ እገዳ ክከታተል ብባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ዝተመዘዘ ሞኒተሪንግ ግሩፕ፡ ጸብጻባቱ ወርሓዊ፡ መንፈቓውን ዓመታዊን ኣብ ምቕራብ ዝርከብ ኮይኑ፡ ኣብ 2012ን 2013ን ኣብ ዘቕረቦም ጸብጻባት፣ ብሓደ ወገን ኤርትራ ኣብ ልዕሊኣን ኣብ ልዕሊ ሶማልን ዝተወሰነ ናይ ዕድጊ ኣጽዋር እገዳ ብምጥሓስ፡ ንኣልሸባብ ከምኡ'ውን ኣብ ከባቢና ንዝንቀሳቐሱ ጸረ ሰላም ሓይልታት ወተሃደራዊ፡ ንዋታውን ገንዘባውን ደገፍ ትገብር ምህላዋ ብመርትዖታት ደጊፉ ከረጋግጽ እንከሎ፣ ብካልእ ወገን ድማ፡ ኣባል ሃገራት እቲ ውሳኔ ብዝጠልቦ መሰረት ንኣፈጻጽማ እገዳን ዘጋጥሙ ጥሕሰታትን ኣመልኪቶም እዋናዊ ጸብጻባት ንዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራትን ንተቈጻጻሪት ጉጅለን የቕርቡ ከምዘየለው፣ በዚ ድማ እቲ እገዳ በቲ ዝድለ ደረጃ ይፍጸም ከምዘየለ ኣፍሊጡ እዩ። ጸብጻብ ሞኒተሪንግ ግሩፕ፡ እገዳ ከይተላዕለ ከምዝቕጽል ኣብ ምግባርን እገዳ ንዝጥሕሱ ወገናት ኣብ ምቕላዕን ዓቢይ ኣበርክቶ ስለዘለዎ ከኣ፡ ብኣባል ሃገራት ተኣማንነት ከምዝረከብ ምግባር ኣዝዩ ኣገዳሲ ይኸውን።

ብኻልእ ወገን፡ ገለ ካብ ኣባላት ባይቶ ጸጥታ፡ ውሳኔታት እገዳ ቅድሚ ምጽዳቖም፡ ዘርኣይዎ ናይ ዘይምድጋፍ ድሌት ብምቕጻል፣ ተቈጻጻሪ ጉጅለ ዘቕረቦም ናይ ኣፈጻጽማ ጸብጻባት፡ ሻራ ዝሓዙ፡ ናብ ሓደ ወገን ዘዝበሉ እዮም ዝብል ስምዕታ ብምቕራብ፣ ገለ ኣባል ሃገራት ድማ ንኣፈጻጽማ'ቲ እገዳታት ምስ ሃገራዊ ጥቕሞም ብምትሕሓዝ፣ ከምኡ'ውን ኤርትራ ብሰንኪ እገዳ ብውሽጥን ብደገን ዘጋጠማ ፈታኒ ኩነታት፡ (ቁጠባዊ ጸገማት፡ ተነጽሎ ካብ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ወዘተ.) ከምኡ'ውን ንእሽቶ ሃገር ምስ

ዘተኸሽሐ
ውሽጣዊ ሰነዳት ወያነ

ምኳና፡ ካብ ገለ ሃገራት ምድንጋጽን ምርዳእን (Sympathy & Understanding) ምርካባ፣ ኣብ ትግባረ ውሳነታት እገዳ ዕንቅፋት ከምዝፈጠረ ይግመት።

ብተወሳኺ ኤርትራ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት፡-

- እቲ እገዳ ብኣባል ሃገራት ኢጋድ፡ ቀጺሉ'ውን ብጉባኤ መራሕቲ ሃገራት ሕብረት ኣፍሪቃ ተቐባልነት ረኺቡ፡ ብባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ዝጸደቐ ምኳኑ ንጉድኒ ብምግዳፍ፡ እቲ ጉዳይ ናይ ኢትዮጵያን ናይ ገለ ርእሰ ሓያላን መንግስታትን ድሌታት ንምርዋይ ዝተገብረ ምኳኑ ኣብ ምግላጽ ትርከብ ምህላዋ፣

- እቲ እገዳ፡ ናይታ ሃገር ቁጠባውን ማሕበራውን ልምዓት ብልዑል ደረጃ ንድሕሪት ከምዝጉተት ምግባሩ፣ እታ ሃገር ካብ ድኽነት ንምንጋፍ እትገብሮ ጻዕሪ ኣብ ሓደጋ ምውዳቑ፣ ብሰንኪ'ዚ ድማ ህዝባ ንጥሜትን ሽግርን ከምኡ'ውን ናይታ ሃገር ኣፍራይ ዝኾነ ሓይሊ መንእሰይ ንሕሱምን ኣሰቃቕን ገበናት ፍልሰት ሰብ ከምዝቃላዕ ኣብ ምግባር ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ፣

- እቲ እገዳ፡ ኣብ ዶባት ዘዋስንኣ ሃገራት ወጥሪ እናሰፍሐ ይመጽእ ከምዘሎ፡ በዚ ድማ ንዘይምርግጋእ እታ ሃገርን ብኣጠቓላሊ ንሰላምን ጸጥታን ናይቲ ዞባ ኣብ ሓደጋ ሸሚምዎ ከምዝርከብ፣

- ኣብዚ እዋን'ዚ እታ ሃገር ንኣልሸባብ ይኹን ንካልኦት ግብረ ሽበራውያን ሓይልታት ዝኾነ ዓይነት ወተሃደራዊ፡ ንዋታውን ገንዘባውን ሓገዝ ዘይትህብ ምኳና፣

- መንግስቲ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ዘለዎ ምስሕሓብ ብዘተ ክፈትሖ ቅሩብነት ዘለዎ ምኳኑ፣

ብምግላጽ፡ ናይ ገለ ኣባል ሃገራት ምትሕብባርን እምነትን ንምርካብ ልዑል ጻዕሪ ኣብ ምክያድ ከምእትርከብ ንምፍላጥ ተኻኢሉ ኣሎ። እዚ ካብ ቀረባ እዋን ንድሓር፡ ብመንግስቲ ኤርትራ ዝርአ ዘሎ ናይ ምልስላስ ኩነታትን ምስ ማሕበረሰብ ዓለም ዝተጀመረ ሓድሽ ጽምዶን፣ ናይቶም እገዳታት ኣድላይነትን ቀጻልነትን ዳግም ንኽርአ እናገበሮ ከምዝመጸ ክግመት ይከኣል።

ፕረዚደንት ኤርትራ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት፡ ኣብ ገለ ሃገራት ዝገበርዎ ምብጻሕ፣ ናይ ፖለቲካ ኣማኻሪኦም፡ ኣብ ፓሪስ ምስ ኣቦ መንበር ኮሚቴ እገዳ ባይቶ ጸጥታ ዘካየዶ ዝርርብ ወ.ዘ.ተ፡ ነዚ ዕላማ'ዚ ምንባሩ ምግማት ዘጸግም ኣይኮነን። ኤርትራ፡ እቲ እገዳ ምስ ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንምትሕሓዝ፣ ብፍላይ ሃገርና ደገፍ ኣመሪካ ብምርካብ፡ ኣህጉራዊ ሕጊ ጥሒሳ መሬታ ብሓይሊ ከምዝሓዘት፣ ካብ ድኽነት ንምንጋፍ ኣብ እትገብሮ ቃልሲ እቶም እገዳታት ዕንቅፋት ከምዝኾኑዋ፣ ብኣጠቓላሊ ግዳይ (Victim) ከምዝኾነት፣ ኣብ ዝረኸበቶ ኣህጉራዊ መደረኻትን ዓለምለኻዊ መጋባእያታትን ምዝራባ፡ ኣካል ናይዚ ምንቅስቓስ ምኳኑ ምግማት ኣየጸግምን።

ዘተኸሸሐ
ውሽጣዊ ሰነዳት ወያነ

ሃገርና፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ንኽውስን ንኣባል ሃገራት ኢጋድ ብምትሕብባር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ቅድመ-ግንባር ኮይና ብምንቅስቓስ፡ ዝለዓለ ስራሕ ከምዝፈጸመት ዝዝከር ኮይኑ፣ እቶም ውሳነታት ድሕሪ ምሕላፎም ግን፡ ብናይ ዋንነት ስምዒት ነኺስካ ብምሓዝ፡ ብዝተወደበን ቀጻልነት ብዘለዎን መልክዕ፣ ብቐንዲ ቤት ጽሕፈትና ይኹን፡ ኣብ ደገ ብዝርከቡ ኤምባሲታትና፡ ቀወምቲ ኣብያተ ጽሕፈትናን ቆንስላትናን ዝተገብረ ምንቅስቓስ ውሑድ እዩ። እዚ ኩነታት'ዚ፡ ብመንጽር'ቲ መንግስቲ ኤርትራ ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ እገዳ ንኽልዓለሉ ዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪን ዝኸተሎ ዘሎ ሓድሽ ኣቀራርባን፣ ብወገን ሃገርና እገዳ ንኺይለዓል ብርቱዕ ምንቅስቓስ ክሳብ ዘይተገብረ፡ እቲ ኣቐዲሙ ውሳነታት እገዳ ንምሕላፍ ዝተገብረ ከቢድ ጻዕሪ ብላሽ ኮይኑ ክተርፍ እዩ። ከንዲ ዝኾነ፡ ኤርትራ እተካይዶ ዘላ ጻዕሪ ንምቕልባስ፡ ኤርትራ እገዳታት እናጠሓሰት ከምእትርከብ ብምግላጽን ሓቀኛ ባህርያት መንግስቲ ኤርትራ ብምቅላዕን፡ እገዳታት በቲ ዝድለ ደረጃ ከምዝትግበሩን ከምዘይልዓሉን ንምግባር፡ ብወገን ቤት ጽሕፈትና ውጥን ኣውጺእካ ምንቅስቓስ ከምዘድሊ ተኣሚኑሉ ኣሎ።

በዚ መሰረት፡ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘሕለፎም ናይ እገዳ ውሳነታት ተጠናኺሮም ንኽቕጽሉ፡ ኣብ ሓጺርን ነዊሕን እዋናት ዝፍጸሙ ተግባራት፡ ፈጸምቲ ኣካላትን፡ ሰሌዳ ትግባረ ግዜን ዝሓዘ ውጥን ተዳልዩ ቀሪቡ ኣሎ።

ዝተኸሸሐ
ውሽጣዊ ሰነዳት ወያነ

## ሰነድ 4.

## ባይቶ ጸጥታ ሕ.ሃ. ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘሕለፎም ውሳነታት እገዳ ትግባረኦም ከምዝጠናኸር ንምግባር ዝተዳለወ ውጥን

| | ኣብ ሓጺር ግዜ ዝፍጸሙ ተግባራት | ተግባሪ ኣካል | ግዜ ትግባረ |
|---|---|---|---|
| 1 | ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተበየኑ እገዳታት ስለምንታይ ከለዓሉ ከምዘይብሎም ዜረድእ ጽሑፍ (aid Memorie) ምድላው፣ | ዋና-ዳይረክተር ኣህጉራዊ ትካላት | ተዳልዩ |
| | | | |
| 2 | እገዳታት ተጠናኺሮም ክቕጽሉ ከምዘለዎም ንኣባላት ባይቶ ጸጥታ ምትሕስሳብ ምእንቲ ክከኣል፡ ክንክተሎ ዘለና ኣቀራርባ (approach) ዘነጽር ሰነድ Concept Note ምድላው፣ | ዋና-ዳይረክተር ኣህጉራዊ ትካላት | ተዳልዩ |
| | | | |
| 3 | ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተበየኑ እገዳታት ስለምንታይ ከለዓሉ ከምዘይግብኦም ምስ ሳልሳይ ወገን ኣብ ዝግበር ምምኽኻርን ምምይያጥን ዜገልግል ሰነድ።<br>– መዛረቢ ነጥቢ (Talking Points) ምድላው<br>– ውሳኔታት ባይቶ ጸጥታን ሓገዝቲ ደኩመንታትን ምድላው፣ ናይ ሞኒተሪንግ ግሩፕ ጸብጻብ ምድላው፣ ናይ ባይቶ ጸጥታ ኢጋድን ሕብረት ኣፍሪቃን ውሳኔታት፡ ብሓደ ምጥራዝ (Compile ምግባር)። | ዋና-ዳይረክተር ኣህጉራዊ ትካላት | ተዳልዩ |
| | | | |
| 4 | ንኣባላት ባይቶ ጸጥታ፡ ንሰክረታርያት ሕቡራት ሃገራት፡ | | |

ዝተኸሸለ
ውሽጣዊ ሰነዳት ወያነ

| | | | |
|---|---|---|---|
| | (ንዋና ጸሓፊ፡ ዲፓርታመን ፖለቲካዊ ጉዳያት ወዘተ.) ኤርትራ እገዳ ክልዓለላ ኣብ ምንቅስቓስ ከምዘላ፣ ናይታ ሃገር ኣመራርሓ ጭቡጥ ናይ ባህሪ ለውጢ ከምዘየምጽአን እገዳታት ክልዓሉ ዘይኮኑ ተጠናኺሮም ኸቕጽሉ ከምዘለዎም ምትሕስሳብ። | ቤት ጽሕፈት ቀዋሚ ልኡኽና - ኒውዮርክ | 01-ለካቲት 2014 ዝጅምር |
| | | | |
| 5 | ኤምባሲታትና፡ ናይ ቀዋሚ ልኡኽ ኣብያተ ጽሕፈትና፡ ኣብያተ ጽሕፈት ቆንስላትና ኣብ ዝርከቡሉ ሃገራት ንዘለው ኣባላት ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢን ዝምልከቶም ናይ ስራሕ ሓለፍቲን ብኣካል ብምርካብ፣ ኤርትራ እገዳታት ንኽልዓሉ እትገብሮ ምንቅስቓስ ምቅላዕ፡ ብኣንጻሩ ኤርትራ እገዳታት ትጥሕስ ከምዘላ፡ ንሪፖርት ተቖጻጻሪ ጉጅለ ደጋጊምካ ብምልዓል፡ እገዳ ክለዓል ዘይኮነ ተጠናኺሩ ክቕጽል ከምዝግባእ፡ ሃገራት'ውን ንኣፈጻጽማ ናይቶም ውሳነታት ብዝምልከት፡ ንዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት፡ እዋናዊ ጸብጻብ ከቕርባ ከምዝግብእ፡ ዝረኸብዎ ሓበሬታ ድማ ንተቖጻጻሪ ጉጅለ ክህብዎ ከምዝግባእ ምዝኽኻርን ምትሕስሳብን። | ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ኤምባሲታትና፡ ኣብያተ ጽሕፈት ቀወምቲ ልኡኻት ናይ ቆንስላዊ ጉዳያት ኣብያተ ጽሕፈት | 9 ለካቲት 2014 ዝጅምር |
| | | | |
| 6 | ኤርትራ እገዳ ንኽለዓለላ እትገብሮ ጻዕሪ ብምግላጽ፡ ብኣንጻሩ ተኸታታሊ ጸብጻባት ተቖጻጻሪ ጉጅለ፡ እገዳ ኣብ ምጥሓስ ተዋፊራ ከምዘላ፡ ከምዝምስክርን ከምዘረጋግጽን ብምብራህ፡ እገዳ ንኸይለዓል ኣብ ኣዲስ ኣበባ ንዝርከቡ ኣምባሳደር ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ማእከላይ ምብራቕ፡ ኤውሮጳ፡ እስያን ኦሾንያን፡ ሰሜንን ደቡብን ኣመሪካ፣ ንኣቦ መንበር ኮምሽን ሕብረት ኣፍሪቃ፣ ንኣባላት ናይ ሰላምን ጸጥታን ኮንስል፣ ኮሚሽነር ሰላምን ጸጥታን፡ ከምኡ'ውን ንኹሎም ዝምልከቶም ትካላት ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ኣህጉራውያን ውድባትን ንምርዳእ፡ ቀዳምነታት ሰሪዕካ | ዝለዕለ ሓለፍቲ ቀዋሚ ቤት ጽሕፈት ሕብረት ኣፍሪቃ ኣህጉራውያን ትካላት | 9 ለካቲት 2014 |

ዝተኸሸለ
ውሽጣዊ ሰነዳት ወያነ

| | | | |
|---|---|---|---|
| | ብዕቱብ ምስራሕ። | | |
| | | | |
| 7 | መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ካብ ዝርከቡ ኤርትራውያንን ካብ ኤርትራ ዝውለዱን ዝእከቦ ግብሪ ዲያስፖራ (Diaspora Tax) ንጸረ ሰላም ተግባር ከይውዕል፡ ብፍላይ ተቈጻጻሪ ጉጅለ ኣቕሪብዎ ኣብ ዘሎ ዝርዝር ተጠቒሰን ኣብ ዘለዋ ሃገራት፡ *(ኣውስትራልያ፡ ካናዳ፡ ዴንማርክ፡ ፊንላንድ፡ ፈረንሳይ፡ ጀርመን፡ እስራኤል፡ ጣልያን፡ ኬንያ፡ ኖርወይ፡ ስዑዲ ዓረብ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ደቡብ ሱዳን፡ ሱዳን፡ ስዊድን፡ ስዊዘርላንድ፡ ኡጋንዳ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ እንግሊዝን ኣመሪካን)* ዕቱብ ምቁጽጻር ንምግባር ዘኽእል ሕጋዊ ወይ ምምሕዳራዊ ስጉምታት ንኽውሰዱ ምሕታት። | ኣብተን ሃገራት ዝርከባ ኣብያተ ጽሕፈት ኤምባሲታት ኣብያተ ጽሕፈት ቀወምቲ ልኡኻት | 9 ለካቲት 2014 |
| | | | |
| 8 | ኣብ ጸረ ሰላም ተግባራት ብቐጥታ ተሳተፍቲ ዝኾኑ ናይ ኤርትራ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ሓለፍቲ፡ ኣብ ሊስት ናይ ተቈጻጸርቲ ኮሚቴ ንኽኣትው ዝተገበረ ጻዕሪ ኣብ ምንታይ ከምዝበጽሐ ብምፍላጥ፡ ኣብ ቀጻሊ ክውሰዱ ዘለዎም ስጉምቲታት ብዝምልከት ሓሳብ ምቕራብ። | ቤት ጽሕፈት ቀዋሚ ልኡኽ ኒውዮርክ | 18-ለካቲት 2014 ዝጅምር |
| | | | |
| 9 | ኤርትራ ካብ ዕደና ትረኽቦ ኣታዊታት ኣብ ጸረ ሰላም ተግባራት ከይውዕል መቆጻጸሪ ክኸውን ዝተሓሰበ Due Diligence Guide lines ናይ ምድላው ዕማም ተጎቲቱ ስለዘሎ፡ ንኣባላት ባይቶ ጸጥታ፡ ንኣቦ መንበር ኮሚቴ እገዳ (Sanctions Committee) ከምኡ'ውን ንኣባላት ሞኒተሪንግ ግሩፕ ብምዝርራብ ነቲ መስርሕ ምቅልጣፉ። | ቤት ጽሕፈት ቀዋሚ ልኡኽ ኒውዮርክ | 23 ለካቲት 2014 ዝጅምር |
| | | | |
| | | | |

ዝተኸሸለ
ውሽጣዊ ሰነዳት ወያነ

| ኣብ ነዊሕ እዋን ዝትግበሩ | | | |
|---|---|---|---|
| 10 | ንኣባላት ሞኒተሪንግ ግሩፕ ብምርካብ ንኣፈጻጽማ ውሳኔታት እገዳ ብዝምልከት፡ ቀጻልነት ብዘለዎ መልክዕ ሓበሬታ ምልውዋጥን ኣብቲ ዘቕርብዎ ጸብጻባት ከምዝኣትው ንምግባር ምጽዓር፣ ምስቶም ኣባላት ተቐራሪብካ ምስራሕ። | ቤት ጽሕፈት ቀዋሚ ልኡኽ ኒውዮርክ | 28-ለካቲት 2014 ዝጅምር |
| | | | |
| 11 | ሞኒተሪንግ ግሩፕ ብመገዲ ኮሚቴ እገዳ ናብ ባይቶ ጸጥታ ዘቕርቦም ጸብጻባት ዝኣትው፡ ትግባረ እገዳ ዘጠናኽሩ ለበዋታት (recommendations) ኣብቲ ባይቶ ተቐባልነት ንኸረኽቡ (welcome) ንኣባላት ባይቶ ናይ ምእማን ስራሕ ምፍጻም። | ቤት ጽሕፈት ቀዋሚ ልኡኽ ኒውዮርክ | 8-መጋቢት 2014 ዝጅምር |
| | | | |
| 12 | ብሞኒተሪንግ ግሩፕ ኮነ ብዋና ጸሓፊ ዝቐርቡ ናይ ኣፈጻጽማ ጸብጻባት ዝቐደመ-ቅዳሕ (advance copy) ረኺብካ ምልኣኽ ከም ቀደሙ ክቕጽል ዘለዎ ኮይኑ፣ ጸብጻባት ቅድሚ ምውጽኦም፡ ምስ ዝምልከቶም ኣብያተ ጽሕፈት ሕቡራት ሃገራት (secretariat departments) ናይ ቀረባ ርክብ ብምፍጣር፡ እንተተኻኢሉ በቲ ንደልዮ መልክዕ፡ እንተዘይኮነ ድማ ዘይጎድኡና ጸብጻባት ከምዝወጹ ንምግባር ምንቅስቓስ፣ | ቤት ጽሕፈት ቀዋሚ ልኡኽ ኒውዮርክ | 9 ለካቲት 2014 ዝጅምር |
| | | | |
| 13 | ምስ እገዳ ብዝተተሓዘ ጉዳያት፡ ብፍላይ ከኣ ኤርትራ እገዳ ንኽልዓለላ እትገብሮ ዘላ ጻዕሪ ምእንቲ ከይዕወት፣ ትግባረ እገዳ ክሕይልን ክጠናኸርን ዝኽእለሉ ኩነታት ንምፍጣር፡ ናብ ኒውዮርክን ናብ ካልኦት በዚ ጉዳይ'ዚ ዝምረጹ ሃገራት ናይ ስራሕ ምብጻሕ ንምፍጻም ፕሮግራም ምድላው፣ | ዳይረክተር ጀነራል ኣህጉራዊ ጉዳያት፣ ኤምባሲ ኒውዮርክ፣ ኣብተን ዑደት ዝግበረለን ሃገራት ዝርከቡ ኤምባሲታት | 2-መጋቢት 2014 ዝጅምር |
| | | | |

ዝተኸሸለ
ውሽጣዊ ሰነዳት ወያነ

| | | | |
|---|---|---|---|
| 14 | ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝሓለፉ ወሳኔታት እገዳ ተፈጸምቲ ንምግባር፡ ብቀዋምነት ክትትል ዝገብር፡ ዜተሓባብር፡ ኣድለይቲ ስጉምቲታት ንምውሳድ ዜኽእል፣ እንተላይ ቤት ጽሕፈትና ወሲኺካ፡ ዝምልከቶም ኣብያተ ጽሕፈትን ኣካላትን ዝርከብዎ ኮሚቴ ዝቼመሉ ኩነታት ምፍጣር፣ | ዳይረክተር ጀነራል ኣህጉራዊ ጉዳያት | 23-ለካቲት 2014 ዝጅምር |
| | | | |